# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 30 ዓመት ቁ.25 ሰሉስ 18 ግንቦት 2021 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር

ገጽ 3 ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ 30 ዓመት





ገጽ 5 መን'ዩ ሃገራዊ መንእሰይ?





ገጽ 6 ምትካኽ ሽጋራ ኣብ መንእሰያት ቁላሕታ የድልዮ ኣሎ!





ገጽ 7 ኣሊሶን፡ ሽትኡ ንኣብኡ ወፊዩዋ




## ሽፈነ ኣገልግሎት ቴለፎን፡ 90 ሚእታዊት በጺሑ

ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ኣብ ጸላት መራኸቢታት ብዘተግበሮ ናይ ልዕሊ 900 ሚልዮን ናቕፋ ወፍሪ፡ጂኦግራፊያዊ ሽፈነ ኣገልግሎት ቴለፎን 90 ሚእታዊት በጺሑ።

መግለጺ - ዝኣረገን ግዜኡ ዝሓለፈን መሳርሒታት መርበብ ኣገልግሎት ቀዋሚ ቴለፎን ብሓደሽ ምትካእ፡ ምትካል ንመርበብት ተንቀሳቓሲን ቀዋሚን ቴለፎናት ዘለዓዓል 110 ታወራትን ምስኡ ዝኸይድ መሳርሒታትን፡ ምትእትታው ኢንተርነትን በዘጸዋሩ ምህፍሐን ዘጠቓልል ጊዜፍ ስራሕ ከምዝተፈጸመ እዚ ደማ ኣብ ርእሲ'ቲ ጂኦግራፊያዊ ሽፈኑ፡ ን85 ሚእታዊት ካብ ህዝብና ተጠቃሚ ጌይርዎ ከምዘሎ፡ ሚኒስተር መጓዓዝያን መራኸቢታትን ኣቶ ተስፋሰላሴ ብርሃ ገሊጾም፡ብምኽንያት ጽንብል 30 ዓመት ናጽነት ምስ ማዕከናት ዜና ወሃቢ ሃገር ኣብ ዝገበሮ ቃለመሕትት። ሚኒስተር ተስፋሰላሴ፡ዕላማ ኮርፖረሽን 'ኤሪቴል' ምስ ትጽቢት ሃገርን ህዝብን ዝቃደን ዝሰጉምን ንሃገራውን ኣህጉራውን መራኸቢታት ዘገልግል ምዕቡል ቴክኖሎጂ ከምዝሃሉ ምግባር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ዚ ንምትግባር ድማ፡ ልዑል ዓቕሚ ዘለዎ፡ ምዕቡልን ስሉጥን ኣገልግሎት ዝህብ፡ ምስ ሓደሽ ርኽበታትን ምዕባለታትን መራኸቢታት ዝዳነዩ፡ ከምኡ'ውን ንምለእ ሃገር ዝሽፍን ቴክኖሎጂ ኣገልግሎት ቴሌኮሚኒከሽን ምውዳድ ዘጠቓልል ተልእኾ ሒዙ ይሰርሕ ከምዘሎ ብዝርዝር ሓቢሩ።

ኣብ 2010 ብፍርቂ ሚጋባይት ዝጀመረ ኣገልግሎት ኢንተርነት፡ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ብዝተኻየደ ጻዕሪ ብ90 ዕጽፊ ከምዝዓበየ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ተስፋሰላሴ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ምሕደግ ዝበለ ቦታታት ተደኪሙን ዘለዋ ከተማታትን ሓወሲ ከተማታትን ብ'ዋይፋይ' ኣገልግሎት ኢንተርነት ከምዘርክብ ንምግባር ዝተጀመረ ጽዑቕ ከምዝተዛዘመ፡ ከምኡ'ውን ንተመራመርትን ንወከልቲ መሸላታት ኣገልግሎት ኢንተርነት ንዝሓተቱን ኣብ ቅዲ ዝተመርኮሰ (volume based internet service) ኣገልግሎት ክወሃብ ተጀሚሩ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

እቲ ጸላት ሓያሎ ብደህታት ከምዘለውዎ ጠቒሱ ድማ፡ ኣብ'ቲ ዝረሓቐን ምሕደግ ዝበለን ከበቢታት 'ታወራት' ንምትካል ዝሓለፈ ትሕተቅርጺ መጓዓዝያ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ገለ ክፋላት ዞባታት ጋሽ-ባርካን ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕርን ዘሎ ሓውሲ-ምድረበዳዊ ቅርጺ መሬትን ብርቱዕ መቕትን ካብ'ቶም ቀንዲ ምኽንያታት ብምጥቃስ፡ዚ ኹሉ ተጻዊርካ'ውን ተበጺሑ ዝሎ ደረጃ ክውን ዝገበሩ መንእሰያት ንዘርኣይዎ ትግሃት፡ ተጻዋርነትን ተወፋይነትን ሞጒሱ።

ንናይ መጻኢ መደባት ብዝምልከት፡ሚኒስተር ተስፋሰላሴ፡ ናብ'ቲ ልዑል ብቕዓት ዘለዎ ስሉጥ ኣገልግሎት ዝህብ መራኸቢታት ምስጋሩ፡ ምዕቡልን ስሉጥን ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ቴሌፎንን ኢንተርነትን ኣብ መላእ ሃገር ምዝርጋሕ፡ ምጅማር ኣገልግሎታት ሞባይል ባንኪ፡ ብሮድባንድ፡ ናይ ሓፋሽ ትምህርትን ካልእን ምትእትታው ከምዝጠቓልል ኣረዲኡ።





## 'ኤሪሶክ'፡ ኣብ ምንካይ ብርሰት ኣግራብ ኣበርክቶ ይገብር

ትካል 'ኤሪሶክ'፡ ዓታሩ ጋዝ፡ ፎርኖታትን ምድጃታትን ብምፍራይ፡ ዘቤታውን ንግዳውን ጠለባት ንምምላእ ዘተባብዕ ስራሕ ብምዕማም፡ ኣብ ዕቃብ ኣከባብን ምንካይ ብርሰት ኣግራብን ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ።

ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ትካል ኢንጂነር ተኽለ ህንጻ፡ 'ኤሪሶክ' ክጠበስ እንከሎ፡ ብቐንዱ ብዝፍርዮ ንብረት ንመተባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ኣብ ዝተየደ ከሉንትናዊ ጻዕሪ ኣበርክቶ ንምግባር ምዃኑ ጠቒሱ፡ እዚ ዕላማታት'ዚ ንምዕዋት ክሰርሕ ምጃንሑን ምህላዉን ገሊጹ።

እቲ ትካል፡ ምድጃ፡ ፎርኖ፡ ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎ ዓታሩ ጋዝ ብምፍራይ ዝጀመሮ ስራሕ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ብዓይነትን ቁጽርን ኣበርኺዎ ከምዘሎ ዝሓበረ ኢንጂነር ተኽሉ፡ ዛጊት ኣስታት 200 ሽሕ ዓታሩ ጋዝ፡ 22 ሽሕ ምድጃታትን 350 ፎርኖታት ምስ መሳርሒታቱን ከምዝፈረየ ኣብሪሁ።

ብደረጃ መማዝኒታት ድሕሪት፡ ብቕዓቱ ዘተረጋገጸን ተወዳዳርን ንብረት የፍሪ ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ፡ ፍርያት ኤሪሶክ ኣብ መፍረ ኑዳዲን ጋዝን ብዘተጠቕሱ ኩባንያታት 'ኣጂፕ'፡ 'ሸል'ን 'ቶታልን' መረጋገጺ ብቕዓት ከምዝተዋህቦ፡ ብዓብኡ'ውን ብቤት-ጽሕፈት ደረጃ ብቕዓት ኤርትራ መረጋገጺ ከምዝለዎ ኣረዲኡ።

ትካል 'ኤሪሶክ' ኣብ'ቲ ፈለሙ ንዕዳጋ ወሃቢ ሃገር ከምኡ'ውን ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ንዝመጽእ ጠለብ ንምምላእ ጀሚሩ ምንባሩ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ኣብ ዘቤታዊ ጠለብ ጥራይ ኣድሂቡ ይሰርሕ ምህላዉ ዝጠቐሰ ኢንጂነር ተኽሉ፡ ንመጻኢ ዓቕሚ ኣቦላቱ ክብ ዘብል ስልጠናታት ብምውዳብ መደባቱ ብኣድማዕነት ንምትግባር ይሰርሕ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ትካል 'ኤሪሶክ'፡ ኣብ 1994 ዝተመስረተ፡ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ትካል'ዩ።











## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ሽፈነ ክታበት ህጻናት 95 ሚእታዊት በጺሑ

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሽፈነ ክታበት ህጻናት 95 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ'ቲ ዞባ ኣፍሊጡ።

ብመገዲ ክታበት ጥዕና ህጻናት ንምውሓስ ክካየድ ብዝጸንሐ ዕቱብ ጻዕሪ፡ 6 ጥራይ ዝነበረ ዓይነታት ክታበት ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናብ 12 ክብ ከምዝበለ ዝሓበረ - ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ስድራቤትን ኣቶ ዘድንግል ጎርጎርዮስ፡ ንፍጻሙ ፖልዮን ዝርከብዎም ሓደገኛታት ሕሞማት ከምዝጠፍኡ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ናብ ትካላት ጥዕና መጺኦን ግቡእ መርመራ ናይ ዝገብራ ነብሰጾራት ብኣስታት 200 ሚእታዊት፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ናይ ዝሓርሳ ድማ ብልዕሊ 600 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ኣረዲኡ።

ኣቶ ዘድንግል፡ ተረኺቡ ዘሎ ኣተባባዒ ወጽኢት፡ ደገፍ ናይ ኣድማዒ ፖሊሲ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕናን ምምሕዳራትን ኣብ ህዝቢ ሰሪጹ ዘሎ ንቕሓትን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተራ ኮሚቲታት ድሕነት ኣደን ህጻንን ኣብ ምውጋድ ክሾ ደቂ-ኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ሞጒሱ።

### ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና

ትማሊ 17 ግንቦት ኣብ መወሸቢ ማእከላት ዞባታት ጋሽ-ባርካ፡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ማእከልን ደቡብን ብዝተገብረ ናይ ላቦራቶሪ መርመራታት፡ 24 ዜጋታት ብኮሮና ቫይረስ ምልካፎም ተረጋጊጹ'ሎ።

ንሳቶም ድማ፡ 11 ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ማለት 6 ኣብ ኡምሓጀር፡ 3 ኣብ ባረንቱ፡ ሓደ ኣብ ተሰነይ፡ ሓደ ድማ ኣብ ኣዲባራ፣ 6 ኣብ ዓሰብ - ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ 5 ኣብ ኣስመራ - ዞባ ማእከል፣ ከምኡ'ውን 2 ኣብ ሰገነይቲ - ዞባ ደቡብ ተወሸቦም ዝጸንሑ'ዮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሆስፒታላት ተዓቚቦም ክሕከሙ ክጸንሑ ካብ ዝጸንሑ፡ 14 ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ 8 ድማ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብጠቕላላ 22 ዜጋታት ሓውዮም ክፋነው እንከለው፡ ወዲ 99 ዓመት ካብ ዞባ ማእከልን ወዲ 78 ዓመት ካብ ዞባ ዓንሰባን - ብድምር 2 ዜጋታት ብሞት ተፈልዮም ኣለው።

በዚ መሰረት፡ ጠቕላላ ቁጽሪ ብኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፉ ዜጋታት ክሳብ ትማሊ 3,868 በጺሑ'ሎ። 3,676 ካብ'ዞም ሓውዮም ዝተፋነው፡ 14 ብሞት ዝተፈልዩ፡ 178 ድማ ገና ኣብ ሆስፒታላት ተዓቚቦም ዝርከቡ'ዮም።

*ሚኒስትሪ ጥዕና 17 ግንቦት 2021*

## ወትሩ ንኹሉ ድሉዋት!

# ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር

ሰለሙን በርሀ

መበል 16 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ብ13 ግንቦት 1998፡ ስርዓት ወያነ ብውሳነ ፖርላማኡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኩናት ምስ ኣወጀ፡ ንጽባሒቱ 14 ግንቦት 1998 ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ ህጹጽ ኣኼባ ብምኽያድ፡ ኣብቲ ስርዓት ወያነ ዘውጽኦ ናይ ኩናት ኣዋጅ ብዕምቈት ተመያይጡ፡ ነቲ ዝተፈጥረ ኻድ ከህድእ፡ ነቲ ጉዳይ ሕጋዊን ሰላማዊን መገዲ ክትሕዝ ዘኽእል መግለጺ ከምዘውጽአ ርኢና። ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ፡ ሽዑ ኣብ መግለጺኡ፡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝወጸ ናይ ኩናት ኣዋጅ ኣዝዩ ከምዝሕዝኖ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንጹርን ጭቡጥን ናይ መፍትሒ ሓሳባት ምቕራቡ እውን ተመልኪትና።

መግለጺ መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ነቲ ጉዳይ ብሰላማዊን ሕጋዊን ኣገባብ ንምፍታሕ ዘለዎም ድሌትን ቅሩብነትን ብምንጻር፡ ኤርትራ ምእንቲ ሰላም ኢሉ ካብቲ ልኡላዊ መሬታ ምዃኑ ኣረጋጊጻ እትፈልጦ ባድመን ከባቢኡን እውን እንተኾነ ሰራዊታ ክትስሕብ ቅርብቲ ምዃና ዘረጋግጽ እዩ ነይሩ።

ይኹን'ምበር መንግስቲ ወያነ፡ ንጽባሒቱ ኣብ ዘውጽኦ ተወሳኺ መግለጺ፡ ዚ ንጹርን መገዲ ሰላም ዝኸፍትን ሓሳብ ብምንጻግ፡ ታህዲድን ምጉብዕባዕን ብዝመልኦ ቃላት፡ ሰራዊት ኤርትራ፡ ካብቲ ሒዝዎ ዘሎ ከባቢታት (ኣየናይ ቦታ ብንጹር ዘይሕብር)፡ ብዘይ ገለ ቅድመ-ኩነት እንተዘይወጺኡ፡ ኢትዮጵያ ብፍጹም ኣብ ዝኾነ ሰላማዊ ፍታሕ ከምዘይትኣቱ ብምግላጽ፡ ካብ መገዲ ሕግን ሰላምን ርሒቑ፡ ነቲ ኩነታት መመሊሱ ኣብ ዘረስሕ ሰፊሕ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ተጸምደ። ኩለን ማዕከናት ዜና ኢትዮጵያ ድማ ብዘርም ረሲን ፈኸራን፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ክልቲኡ ሃገራት ብሓፈሻ፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ድማ ብፍላይ፡ ናይ ጽልኢን ቅርሕንትን ሃዋህው ንምፍጣር ሰፊሕ ዘመተ ተተሓሓዛኦ። ፕረዚደንት ክልል ትግራይ ዝነበረ ገብሩ ኣስራት፡ ብ28 ግንቦት 1998 ኣብ መቐለ ህዝቢ ኣኪቡ፡

*"ኤርትራውያን ይንዕቅኹም እዮም፡ ሓንቲ ደሙ ንሓሙሳ ኣናጽ፡ ሓንቲ ፍሊት ኻሕ ሃመማ እዮም ዝብሉኹም. . ክንዲ ዝተኸፍለ ማሰዋእቲ ይኽፈል ኩናት ክቕጽል'ዩ"*

ክብል ህዝቢ ንምርስሳን ዝዕላማኡ ክትሰምዖ ዘሕዩፍ ብድሪ ዝደርጎሖ ቃላት፡ ከምዝለዎ ቡታ ካብ መቐለ እትፍኖ ሬድዮ ትግራይ ተቓሊሑ ነይሩ።

ኺ ኺ'ዚ ኣደንቃሪ ፕሮፓጋንዳ'ዚ፡ ስርዓት ወያነ መንእሰያት ናብ ቅድመ ግንባር ክኸቱ ብምጽዋዑ፡ ነቲ ብሰላም ክዑብር ዝጸንሐ፡ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ምንም ኣፍልጦ ዘይነበሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ዳግም ናብ መጋርያ ኩናት ንምጥባሱ ተሃንደደ። ስርዓት ወያነ ኣብቲ ቅንያት'ቲ ብቐጻሊ ዝወሰዶ ስጉምቲታት ናብ ኩናት ዝበሮ ህንዳደ ኣገሊሑ ዘርኢ እዩ።

ብኡ ንብኡ፡ ወደባት ኤርትራ ብምሕሳም ኩለን ንብረት ኢትዮጵያ ጽዒነን ናብ ወደባት ኤርትራ ዘምርሓ ዝነበራ መራኽብ ናብ ወደብ ጅቡቲ ክቕንዓ መምርሒ ኣመሓላለፈ። መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ናይ ኤርትራ በረራኡ ከቋርጽ ኣዘዘ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ "ክሊ ኣየር ኤርትራ ናይ ኩናት ዞባ ኮይኑ ኣሎ" ብዝብል በይናዊ ውሳኔ ዝኾነት ናብ ኤርትራ እትበርር ነፋሪት ክትውቃዕ ከምእትኽእል ዘፈራርሕ ሓበሬታ ዘርግሐ። ብዘተፈላለየ ሰራሕ ናብ ኢትዮጵያ ተንቀሳቒሰን ዝነበራ ልዕሊ 160 ናይ ጽዕነት መካይን ኤርትራ ከኣ ንዓደን ከይምለሳ ከልከለ። ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝነበረ ናይ ቴሌኮሙኒኬሽን ርክባት ድማ ከምዝቋረጽ ገበረ።

## ቀዳማይ ተበግሶ ንሰላም

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዳግማይ ናይ ኩናት ሃዋህው ምስ ኣንጸላለወ፡ ብቐጻሊ ኣቓልቦ ዓለም ስለዝሰሓቡ፡ ካብ ሕቡራት ሃገራት ጀሚርካ ዝተፈላለያ ኣህጉራውያን ውድባትን ውልቀ ሃገራትን፡ እቲ ጉዳይ ብህድኣት ክተሓዝን ክልቲኣን ሃገራት ነብስ ዓቕኦት ክገብራን ዝጽውዕ ምሕጽንታታት ኣቕረባ። ብሰላማዊ መገዲ ንምፍትሑ፡ ናይ ኣሳልጦት ተራ ክጻወታ ቀዳመን ዝተንቀሳቐሳ ድማ፡ እተን ምስ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጽቡቕ ዝምድና ዝነበረን ኣመሪካን ርዋንዳን ነበራ። ልኡኻት ኣመሪካን ርዋንዳን ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ፡ ኣብ ክልቲኣን ሃገራት በጺሖም ምስ መራሕቲ ክልቲኣን ሃገራት ድሕሪ ምርኻቦም መፍትሒ እዩ ዝበልዎ ሓሳባት ኣቕረቡ። እቲ ዝቐረበ እማመ፡-

***- ኩሉ ተጻብኦ ብቐጽበት ደው ክብል፣***
***- ክልቲኣን ሃገራት መግለጺታዊ ደባት ክቕበላ፣ ብኡ ማለት ድማ ምምልካት ዶብ ኣብ ባይታ ክትግበር፣***
***- ክሳብ ደባት ዝምልክት ናይ ክልቲኡ ሰራዊት ካብቲ ዘሎ ሓዘብ ቦታ ክርሕቕ፣***
***- ኣብ ባድማ ዝነበረ ምምሕዳር መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ክሳብ ደባት ዝጽረ ናብ ቦታኡ ክምለስ ዝብል ነበረ።***

መንግስቲ ኤርትራ፡ ዝጠዘሐ ካብቲ ብልኡኻት ኣመሪካን ርዋንዳን ዝቐረበ እማመ፡ ኣቐዲሙ ብመገዲ ካቢነ ሚኒስተራቱ ዘቕረቦ ሓሳብ ስለዝነበረ ከምዝቕበሎ ብምግላጽ፡ እቲ እማመ ዘጠቓልሎም ተወሰኽቲ ኣገደስቲ ነጥበታት ማለት፡ ናይ ግዜ ሰሌዳ፡ ሰራዊት ክሳብ መዓስ'ዩ ካብቲ ቦታ ዝርሕቕ፣ ምምልካት ዶብ ኣብ ውሽጢ ክንደይ ግዜ'ዩ ዝትግበር፣ ብቐንዱ ከኣ ሓላፍነት ናይቲ ዕማም ዝወስድ ኣካል መን'ዩ፣ ወዘተ. ናይ ዝብሉ ሕቶታት መልሲ ክንጸር ሓተተ። መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ሕቶታት'ዚ ዘቕረበ፡ እቲ ዝኣቶ ስምምዕ ኣብ ክንዲ ሓፈሻዊ ኮይኑ፡ ድሓር ኣብ ምትርጓሙ ዘጸድሊ ምትሕልላኻት ዝፈጥርን ግዜ ዘፐኽኽን፡ ብዮንተብኡ ንጹርን ዘየሻሙን ኮይኑ ክብጽሕ ካብ ዝብል ሓሳብ እዩ።

ብኣንጻሩ ስርዓት ወያኔ ነቲ እማመ "ተቐቢለዮ ኣለኹ" ንምባል ዘውጽኦ መግለጺ ንጹርነት ኣይነበሮን። ብ4 ሰነ 1998 ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ "እቲ እማመ ተቐቢልናዮ ኣለና" ምስ ዝበለ መግለጺኡ ኣተሓሒዙ ***"ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ካብ ሎሚ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣድማዒ ዘበለ ስጉምቲ ክወስድ ተኣዚዙ ኣሎ"*** ክብል ናይ ኩናት ትእዛዝ ምምሕልላፉ፡ ኣብ ግዜኡ ንጥምዕቲ ዘደንጽወ ተገራጫዊ መግለጺ እዩ ነይሩ።

እቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝቐረበ ርእይቶታት፡ ብልኡኻት ርዋንዳን ኣመሪካን ኣቢሉ ናብ መንግስቲ ወያነ እኳ እንተቐረበ፡ ስርዓት ወያነ ግን ዝኾነ ናይ ግዜ ገደብ ይኹን ካልእ ኩነት ፈጺሙ ከምዘይቅበል ኣፍለጠ። ነቲ ውግእ ናብ ምሉእ ኩናት ንምዕራግ ድማ፡ ብተብተብ ናብ ኩሉ መኣዝናት ሰራዊት ኣብ ምንቅስቓስ ተጸሚዱ ነበረ። በዚ ድማ፡ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ግዜ ገደቡን ካልእን ኣብ ዘይተፈጸረ ማእርሒ ሰላም ምእታው ትርጉሙ ዘይብሉን ንህንዳደ ወያነ ናብ ኩናት ክኸትእ ዘይክእልን ምዃኑ ብምግንዛቡ፡ ናይ ኣመሪካን ርዋንዳን ናይ ኣሳልጦት ተራ ከምዝበቅዐ ብወግዒ ኣፍለጠ።

ይኹን'ምበር ልኡኻት ኣመሪካን ርዋንዳን፡ ብኢደ-ወነኖም መደምደምታ ቀጸሉ። ብ5 ሰነ 1998 ኣኼባ መራሕቲ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ ኡጋዱጉ ኣብ ዝተኻየደሉ ዝነበረ፡ ልኡኻት ኣመሪካን ርዋንዳን ካብ ሓላፍነቶም ንላዕሊ ብምኻድ፡ እቲ እማመ ከጠቓልሎም ኣለዎ ተባሂሉ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝቐረበ ሓሳብ ኣብ ግምት ከየእተዉ፡ ከምዘለዎ ናብ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣቕረብዎ። መራሕቲ ኣፍሪቃ ድማ ነቲ ብኣመሪካን ርዋንዳን ዝቐረበ ሓሳብ ድሕሪ ምስማዕ፡ ሓደ ሰለስተ ነጥበታት ዝሓዘ ሓፈሻዊ እማመ ኣውጽኡ። እቲ እማመ፡-

***1) ኩናት ብቐጽበት ደው ኢሉ ብጠቕላላ ዘተ ክጅመር፣***
***2) ዚ ንምርግጋጽ ብዋና ጸሓፊ ናይቲ ውድብ ዝምራሕ ኣርባዕተ መራሕቲ ሃገራት ዝርከብዎ ልኡኽ ምስ መራሕቲ ክልቲኣን ሃገራት ንምዝርራብ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ናብ ክልቲኣን ሃገራት ክበጽሕ፣***
***3) ክልቲኦም ወገናት ነቲ ብኣሳለጥቲ (ኣመሪካን ርዋንዳን) ዝቐረበ ሓሳብ ክቕበሉ፣ ዝብል ነበረ።***

መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ካብቲ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘቕረብዎ ነጥበታት፡ እቲ ***"ኩናት ብቐጽበት ደው ኢሉ ዘተ ክጅምር"*** ዝብል ሓሳብ ፍጹም ከምዘይቕበሎ፡ ሽዑ ንሽዑ ብወግዒ ኣፍለጠ። መንግስቲ ኤርትራ ብወገኑ፡ እቲ ጉዳይ ናብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ካብ ቀረበ፡ እቲ ናይ ኣመሪካን ርዋንዳን ናይ ኣሳለጥነት ተራ ኣብቂዑ፡ ኣፍሪቃ፡ ናታ ዝኾነ ንጹርን ዘየሻሙን ማእርሒ ኣፈታትሓን ናይ ግዜ ሰሌዳን ዘለዎ እማመ ክተቕርብ ዝሓሸ ምዃኑ ገለጸ። እቲ ***"ኩናት ብቐጽበት ደው ክብል"*** ዝብል ሓሳብ ግን ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ቅቡል ምዃኑ ኣፍለጠ። እዚ መግለጺታት'ዚ፡ መንግስቲ ኤርትራ እቲ ጉዳይ ብሰላም ክፍታሕን ኣገባብ መፍትሒኡ ክንጸርን ዝነበሮ ድሌት፡ ብኣንጻሩ ድማ ስርዓት ወያነ ኩናት ንምዕራግ ዝነበሮ ተርባጽ ኣገሊሖ ዘርኢ ነበረ።

## ህንዳደን ተርባጽን ወያነ ንኩናት ስለምንታይ?

ጉዳይ ዶብ ብዘይ ደምን ዕንወትን ብቲ መንግስቲ ኤርትራን ካልኦት ወገናትን ዘቕረብዎ ዝነበሩ ናይ መፍትሒ ሓሳባት፡ ብቐሊሉ ብሰላማዊን ሕጋዊን ኣገባብ ክፍታሕ ዝኽእል እናኾነ፡ ስርዓት ወያነ ክሳብ ክንድኡ ንኩናት ዝህንደደሉ ዝነበረ ምኽንያት፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ንተዓዘቢ ማዕዶ ዘገርም ነይሩ ክኸውን ይኽእል። እንተ ንህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ግን ንጹር'ዩ ነይሩ። እቲ ኣቐዲሙ፡ ኣብ ቀዳሞት ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ዝተጠቕሰ ብዙሕ ሓንጎጻጎጽ ዝነበሮ ነዊሕ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ ዝምድና ህዝባዊ ግንባርን ህወሓትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዋዜማ ኩናት ብጉዳይ ዶባትን ምቕያር ባጤራን ዝነበረ ሃዋህውን ስምዒታትን፣ ምስቲ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ኣብ ኣእምሮ መራሕቲ ወያነ ዝሰረጸ "ኤርትራውያን ይንዕቅዑ እዮም" ዝብል ነብሰኻ ናይ ምትሓት ኩነት-ኣእምሮ ደማሚርካ ክርአ እንከሎ፡ ዓቢ ሕቶ ዘልዓዕል እዩ። እዚ ኩናት'ዚ ብፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያውን መገዲታት ክዓገት ይኽእል'ዶ ነይሩ ወይስ ግድን ዘይተርፍ እዩ ነይሩ? ዝብል ሕቶ።

ስርዓት ወያነ፡ እቲ "እጀታይ'ዩ" ዝበሎ፡ ኣቐዲሙ፡ ኣብ በይናዊ ካርታኡ ናብ ግዝኣቱ ጸንቢሩ ኣብ ባይታ ብሓይሊ ክቆጻጸሮ ዝሃቀነ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ፡ ባድመን ከባቢኣን ናይ ኢትዮጵያ ከምዘይኮነ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። እቲ ጉዳይ፡ ናብ ሕጊ እንተቐረበ፡ ክረኽቦ ከምዘይክእል እውን ርዱእ እዩ ነይሩ። ብተወሳኺ እቲ ጉዳይ ኣብ ዶብ ጥራይ እንተተሓጺሩ፡ ነቲ ዝዓበየ ዕላማ መጠነሲ ዝኸውን ምኽንያት ክረክብ ኣይክእልን። ምኽንያቱ እቲ ናይ ዶብ ጉዳይ፡ ከም መመሳመሲ ንኹናት ድኣሉ መጺኡ እምበር፡ ተርባጽ ስርዓት ወያነ ናብ ኩናት፡ ኪኖ ዶብ ዝሰገረ ዝዓበየ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ዕላማታት ዝነበሮ እዩ።

ይቕጽል

ተ ዘይኪ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣሰፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ሳምራዊት መለስ
ትንሳኤ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፋርቲና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ

ኣቶ መሰጦፋ ኣሕመድ ነር ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ዞባ 1 ምምሕዳር 03 ጎደና ሜዳ ኤርትራ (ባርንቱ) ቁጽሪ ገዛ 117ሲ. ሎታ ቁጽሪ 29 ስፍሓት 134.25 ት/ሜ ዘለዎ ብዋዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣብይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 118273 መመክሲ. ቁጽሪ 1045551 ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 24483-34641 ብስም ወሀብቶ ወዝቢ. ኣቶ ሳልሕ ዑመር ዝተመዝገበ ኣፓርታማ ብመሰረት ብቑጽሪ መዝ.230/2021 ኣብ ቤ/ፍ ሽሪዓ ዞባ ማእከል ዝተገብረለይ ወሀብቶ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ጽሑፍ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ዞባ ማእከልን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ መሰጦፋ ኣሕመድ

ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ዚፕ ኮድ 1A137 ጎደና 137-14 ፕሎት 39፡ፓርሰል B ስፍሓቱ 136 ት/ሜትሮ ዝኾነ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመመለዩ ቁጽሪ ንብረት 1፡015116 ብስም ኣብርሃም ስዩም እምባየ +2 ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ናብ ስም ዓናጊ ኣቶ ሰለሙን ኣብርሃ ተኽለሃይማኖት ከመሓላልፍ ስለዝኾንና ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ኣብርሃም ስዩም እምባየ +2

ኣነ ኣንጀሎ ሳንቲኒ ዝተባህልኩ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም 05 (ምም/ን/ዞባ ጉዛጥንዳ) ዚፕ 1A192 ጉደና ሻዘሞ ቁጽሪ ገዛ 55 ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣብይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቀት 111746 መመክሲ. ቁጽሪ 137766 ገዛ ዋንነት ምስክር ወረቀት ስለዝጠፍኣኒ ረኺቡዎ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ዝዝብል ሰብ እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 116228 ክሕብረኒ እንተዘይ ኮይኑ ግን ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምኳኑይ የፍልጥ።

ኣንጀሎ ሳንቲኒ

ብስም ነፍ/ሓጂ ሱሌማን ኢድሪስ ኣሕመዲን ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምምሕዳር 05 ጎደና ቸ ቁጽሪ ገዛ 1 ብዋዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣብይቲ ከተማ መመክሲ. ቁጽሪ 108692 ስለዝጠፍኣኒ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07179263 ብምድዋል ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክትሕብሩኒ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ክወጽእ ክሓትት ምኳኑይ የፍልጥ።

ዓብዱልከሪም ሓጂ ሱሌማን ኢድሪስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT VA/05/2020

The United Nations Development Programme (UNDP) office in Asmara invites qualified applicants (Eritrean) for the following vacant post:

Job Code Title: Executive Associate
Classified Grade: GS-7
Duty Station: Asmara

Organizational Context

Under the guidance and direct supervision of the RR & DRR, the Executive Associate ensures effective and efficient functioning of the office, full confidentiality in all aspects of assignment, maintenance of protocol procedures, programme and operations support services, management of information flow and follow-up on deadlines and commitments made.

The Executive Associate works in close collaboration with UNDP staff, UN Agencies and national authorities to ensure efficient flow of information, actions on instructions, agendas.

Summary of key functions:

1. Ensures effective and efficient functioning of the RR & DRR office
2. Ensures provision of effective communications support to the office Ensures proper CO cash management functioning.
3. Ensures facilitation of knowledge building and management.

MINIMUM QUALIFICATIONS

Education: Diploma with specialized secretarial training. University Degree or equivalent would be desirable, but it is not a requirement.

Experience: 6 years of progressively responsible secretarial, administrative, finance, M&E, programme experience is required at the national or international level. Experience in the usage of computers and office software packages (MS Word, Excel, etc), experience in handling of web-based management systems.

Language: Fluency in the English language

Other considerations: For more details please collect the Terms of Reference from the UNDP Reception Desk. Interested applicants should submit duly filled P11 form (available at the UNDP Reception Desk, UN Office in Asmara) and a detailed CV with supporting documents. Copy of document indicating exemption from/completion of national service should be sent to UNDP Reception Desk, and UN offices, Asmara, Eritrea.

UNDP will contact those who are considered Potential candidates. Closing date for the application is 14 days from the date of announcement.

UNDP is committed to achieving workforce diversity in terms of gender, nationality and culture. Individuals from minority groups, indigenous groups and persons with disabilities are equally encouraged to apply. All applications will be treated with the strictest confidence.

UNDP does not tolerate sexual exploitation and abuse, any kind of harassment, including sexual harassment, and discrimination. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks.



## ዘሐጉስ ብስራት

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ፣ እንቋዕ ናብ መበል 30 ዓመት መዓልቲ ናጽነትና ኣብቀዓና እናበለ፣ ናይ ብሽክለታ መድሕን ኣተኣታትዩ ከም ዘሎ ብሓጎስ የበስር። እዚ ዓይነት መድሕን ዓመታዊ ዝኣቶ ወለንታዊ ውዕል ኮይኑ፣ ሰብ ብሽግለታ ኣብ ካልእ ሰብን ንብረትን ብዘውርድዎ ሓደጋ ንዘስዕብ ተሓታትነት ሽፋን መድሕን ዝሁብ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ፣ ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ንኹሎም ሰብ ብሽክለታ ተጠቀምቲ እዚ ውዕል መድሕን ክኸቱ ብኣኽብሮት ይዕድም። ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈትና ብኣካል ብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ስልኪ. 123000 ወይ 120284 ብምድዋል ተወከሱና!!

**ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ብ.ማ.**

# ሽባብ

ሃማመተኤ

# መን'ዩ ሃገራዊ መንእሰይ?

እዚ "መሬትና፡ ባሕርና፡ ርስትና፡ ዓድና፡ ሃገርና" እናበልና ብሓበን እንጽውዖን እንቕመጦን ክፋል ናይ ዓለምና፡ ናትና ናይ ኤርትራውያን እዩ እንብሎ በየናይ ጭብጢ እዩ? ዝኾነ ነገር'ከ (ይዕበ ይንኣስ) ናተይ፡ ዋንነተይ እትብሎ ብኸመይ እዩ?

ዋንነት፡ መሰረቱ ታሪኽ እዩ። ንኣብነት ናይ ሓደ ብሕታዊ ህንጻ ወይ ትካል "ወራሲ ኣነ'የ" ኢልካ ኣብ ቤት-ፍርዲ ቀሪብካ ክትምጉት፡ ወራሲ ምዃንካ ዘረጋግጽ ናይ ትውልዲ ወይ መንነት ታሪኽ ክህልወካ የድሊ። ብዘይብኡ ወራሲ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ። በዚ መንጽር ክንርእዮ እንከለና፡ መንነት መሰረቱ ጸኒሑ ታሪኽ እዩ። ንሕና ወረስቲ ናይ`ዛ ሃገር ዝኾንና፡ ብመንነትና እዩ። መንነትና ድማ ሕሉፍ ታሪኽና ማለት እዩ። ብሓጺሩ ዋናታት ናይ`ዚ እንሰፍሮ ዘለና መሬትን ባሕርን ክንከውን ዝገበረ፡ ታሪኽ ወለድና እዩ።

ንወዲ-ሰብ ካብ እንስሳ ዝፈልዮ ዝዓበየ ረቛሒ እንታይ'ዩ እንተድኣ ኢልና፡ ታሪኽ እዩ። እንስሳታት ታሪኽ የብሎምን። እንስሳ ወለዶኡ ኣይፈልጥን እዩ። ታሪኾምን ውርሻኦምን የብሉን። ሰብ ግን፡ ወለዶኡ ይጽብጽብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ወለዱ ነዛ ዓለም ብኸመይ ሓሊፎማ፡ ዛንታኦም የጽንዕን ይመራመርን፡ ታሪኾም፡ መንነቶምን ርስቶምን ከኣ ይወርስ። ኣብ መንነቱ ርስቱን ታሪኹን ሰሪቱ ኸኣ፡ ህሉውን መጻኢን ጉዕዞኡ ይትልም። ስለዚ ታሪኹን ውርሻታቱን ዘይፈልጥ፡ ብታሪኹን ውርሲታቱን ዘይግደስን ክዕቅቦ ዘይቃለስን ዘይሰርሕን ብኻልእ ኣዘራርባ ከም እንስሳ ክምሰል ይኽእል እዩ።

ታሪኽና እንብሎ ግን ኣየናይ እዩ? ታሪኽና እንብሎ፡ ናይ ብረታዊ ቃልሲ ወይ ድሕሪ ናጽነት ታሪኽ ጥራይ ኣይኮነን። ጥንታዊ ዛንታ ወለድናን ቅርሲታትናን፡ መሰረት ታሪኽናን ሃገራዊ መንነትናን እዩ። እዚ እንርከበሉ ዘለና መሬትን ባሕርን ኣብ ዓለምና ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ስለዝኾነ፡ ኣቦታትና ነዚ ቦታ'ዚ ዓቂቦም ከጽንሑልና፡ ብመሬት ይኹን ብባሕሪ ዝመጹ ወረርቲ ክከላኸልሉ ከቢድ ዋጋ ከፊሎም እዮም። ስቕ ኢሉ ዝተዋህበና ወይ ተቐሚጡ ዝጸንሓና ኣይኮነን። ርሑቕ ከይከድና ኣብ ዘመነ መግዛእቲ፡ ታሪኽ፡ መንነትን ርስቲን ንምዕቃብ ኣንጻር ጣልያን ገጢሞም ዝወደቑ፡ "ኣይንግዛእን!" ኢሎም ዝተረሸኑን ዝተሓየሩን፡ ኤርትራውያን ውሑዳት ኣይነበሩን። ናይ 40ታትን 50ታትን ብሰላማዊን ሕጋዊን ኣገባብ ዝተኻየደ ፖለቲካዊ ቃልሲ ድማ፡ መቐጸልታ ናይ`ዚ ታሪኽ ምዕቃብ ርስቲን መንነትን ኮይኑ፡ መሰረት ናይ`ቲ ድሕሪኡ ዝሰዓበ ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲና እዩ።

እቲ ምስ ርእሰ ሓያላን ኣመሪካን ሶቭየትን ተረባሪቡ፡ ናጽነት ዘምጽአ ወለዶ ብረታዊ ቃልሲ፡ እቲ ዝኸበደ ዋጋ እተኸፍሎ ሃገራዊ ታሪኽ ኣውሪሱና ዝሓለፈ ክቡር ወለዶ እዩ። ናይ ድሕሪ ናጽነት ወለዶ ኸኣ፡ ልኡላውነት ሃገሩ ክዕቅብ ብመስተንክራዊ ጅግንነት፡ ነቲ ታሪኽ'ቲ ዝደርዐ መንነት፡ ርስቲን ታሪኽን ናይ ምዕቃብ ዓቢ ሞያ ፈጺሙ።

ኩሉ'ዚ ንዓና መንእሰያት ሃብታም ውርሻ እዩ። ካበይ ከምዝመጻእና? ብኸመይ ዋናታት ናይ`ዚ መሬትን ባሕሪን'ዚ ከምዝኾንና ዘረጋግጽልና ጭብጢ ንሱ እዩ። ወረስቲ ሃገር ንሕና ካብ ኮንና እምበኣር፡ ታሪኽ እዚ ሃገር'ዚ ኣጸቢቕና ክንግደሰሉ ከነጽንዖን ክንመራመረሉን፣ ካልእ ተወሳኺ ታሪኽ ብምስራሕ ክንዕቅቦን፡ ወረስቲ ጥራይ ዘይኮነ ሓለውቲ ርስቲ ምዃንና ኣሚንና ቀጻልነቱ ከነረጋግጽን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ከነመሓላልፎን ሓላፍነት ኣለና።

ብመንጽር ንቕሓተ-ሕልና፡ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ክልተ ዓይነት ሰባት ይርከቡ። እዚ ፍልልያት'ዚ፡ ኣብ መንእሰይ ክፋል ሕብረተሰብ ዝያዳ ጎሊሑ ይርአ። ብርኽ ዝበለ ንቕሓትን ሰፊሕ ኣጠማምታን ዘለዎም መንእሰያት፡ ወትሩ ብጉዳይ ህዝቢን ሃገርን ስለዝሓስቡ፡ ካብ ውልቃዊ ዕላማን ጥቕሚን ንላዕሊ ሓባራዊ ዕላማ የገድሶም። እቶም ብመንጽር ንቕሓት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ድማ፡ ዝያዳ ኣብ ውልቃዊ ህይወቶምን ስርሖምን የድህቡ። በዚ ድማ፡ ክልቲኦም ተወለድቲ ሓደ ሃገርን ወረስቲ ሓደ ርስቲን ክንሶም፡ እቲ ሓደ ንጡፍ ወራሲ እቲ ካልእ ልኡም ወራሲ ኮይኖም ይፈለላዩ። ካብ`ዞም ክልተ ወረስቲ መን'ዩ ሃገራዊ? መን'ዩ'ኸ ተወላዲ ሃገር? እንተድኣ ኢልና ድማ፡ መልሱ ርዱእ እዩ።

ሃገርና ኤርትራ ብኣዝዩ ነዊሕን ጽንኩርን ናይ ቃልሲ መድረኻት ዝሓለፈት ከም ምዃና መጠን፡ ኣብ መንጎ ንጡፍ ወራሲን ልኡም ወራሲን ኣብ መንጎ ሃገራዊን ተወላዲ ሃገርን ዘሎ ፍልልይ ደሚቑ ክርኣየና ይኽእል እዩ። ዜጋ ክንሱ፡ ኣብ ጉዳይ ገዛእ ሃገሩ ጓና ወይ ናይ ርሑቕ ተዓዛቢ ክኸውን ዝመረጸ ውሑድ ኣይኮነን። ስኣን ፍልጠት፡ መንነት፡ ርስቲን ታሪኽን ናይ ምዕቃብ ሓላፍነት ዝዝንገዐ እውን ብዙሕ እዩ። ሃገራዊ ጉዳይ ንካልኦት ጥራይ ከምዝምልከት ገይሩ ዝርኢ፡ ብነብሰ-ፍትወትን በለጽን ካብቲ ሓባራዊ ዕማም ምዕቃብ ርስቲን መንነትን ታሪኽን ኣግሊሉ ዝጸንሐ እውን ቁጽሩ ቀሊል ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ፡ ኣብ ዓለምና ሓድሽ ኣይኮነን። ኣብ ኩሉ ሕብረተሰባት ዘሎ እዩ። መርኣያ ፍልልይ ንቕሓትን ሕልናን ናይ ሰባት ድማ እዩ።

ሃገራዊ መንእሰይ ዝበሃል እምበኣር፡ እቲ ብንቕሓት፡ ልቦናን ትብዓትን ጸብለል ኢሉ፡ ሕሉፍ ታሪኹን ህልዊ ሓላፍነቱን ብዝግባእ ፈሊጡ፡ ሓላው ዓዱን ርስቲን ዝኾነ መንእሰይ እዩ። ሃገራዊ መንእሰይ እቲ ብፍልጠቱን ጉልበቱን መሬቱ ንምልዋጥን ምምዕባልን መሪሕ ተራ ዝጻወት መንእሰይ እዩ። ሃገራዊ መንእሰይ፡ እቲ ካብ ውልቃዊ ህይወቱ ንላዕሊ፡ ሓባራዊ ባህጊን ዕላማን ኣገዲስዎ፡ ኣብ ዝዓበየ ዕማም ሃገር ተጸሚዱ፡ ብዘይ ብቑ ጉልበቱን ኣእምሮኡን ንድሕነትን ምዕባለን ህዝቡ ዝለገሰን ህይወት ኣብ ዝጥለበሉ እውን፡ ዘይትትካእ ህይወቱ ዝወፈየን ብሉጽ ዜጋ እዩ።

ናይ ሰለስተ ወለዶታት ጽንኩር ቃልሲ ብዓወት ሰጊርና፡ ናብዚ ሓድሽ መድረኽ ኣብ እንሰጋገረሉ እዋን እምበኣር፡ ነቲ ኑብሱ ወፍዩ፡ ታሪኽ፡ መንነትን ርስቲን ንምዕቃብ ዝተረባረበ ሃገራዊ መንእሰይ ኣዝዩ ልዑል ክብሪ ክንህቦ ግቡእ እዩ። ንሱ እንተዘይነብር፡ ንሱ ሓለዋ እንተዘይቀውም፡ ንሱ እንተዘይጸንዕ፡ ንሱ እንተዘይጽመም ሃገር ኣምበይ ምቑመትን። ከም ብዙሓት ካልኦት መዘናኡ "እንታይ ገደሰኒ" እንተዝብል፡ ውልቃዊ ህይወተይ ይዓብየኒ ኢሉ እንተዘግልል፡ ርስቲን መንነትን ኣምበይ ምተሓለወን።

የግዳስ ኣብ መወዳእታ ወረስቲ ታሪኽ፡ መንነትን ርስቲን ኩልና ኢና። ንጡፋት ወረስቲ ንኹን ልኡማት፡ ደቂ ሃገር ምዃንና ኣይተርፍን። መን'ዩ ተወላዲ ሃገር፡ መን'ዩ ሃገራዊ ግን ክንጽር ኣገዳሲ እዩ።

ሃገርና ኣብ ጎደና ዓወት ጸኒዓ ክትቀውም ዝኸኣለት፡ በቐንዱ ሃገራውያን መንእሰያት ብዘርኣይዎ ተወፋይነት እዩ። እሞ'ኸ ንምዕባለ ሃገርን ህዝቢን ብኹለንተናኡ ዝተወፈየ መንእሰይ... ኣብ መወዳእታ እንታይ'ዩ ዝረብሖ? ርግጽ'ዩ ካብ ዕላማኻ ምውቃዕ ዝዓቢ ረብሓ የለን። ካብኡ ንላዕሊ ዕግበትን ባህታን ክፈጥር ዝኽእል ነገራዊ ረብሓ እውን ክርከብ ኣይክእልን። እንተኾነ ረብሓ ናይ ሓደ ሃገራዊ መንእሰይ፡ ታሪኽ ምስርሑን ብኡ ዝስምዖ ዕግበትን ጥራይ ድዩ? ኣብ መወዳእታ'ኸ ፍረ ጻዕሪን ተወፋይነትን ኣብ ዝሕፈሰሉ፡ ሃገር ንዘበርከተን ዘየበርከተን ብማዕረ ድያ ትብጽሖም? ኩልና ክንሓስበሉ ዝግባእ እዩ።

ከቢድ ናይ ቃልሲ እዋን ብንቕሓት ትብዓትን ጽንዓትን ሰጊሩ፣ ርስቲን መንነትን ዝዓቀበ መንእሰይ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ሓለፋ ሞሳ ክህልዎ ይግባእ እዩ። ብልግሲ ወይ ጽቡቕ ድሌት ናይ መንግስቲን ሕብረተሰብን ኣይኮነን። ብሞጎታዊ ዓይኒ እውን ዝሰርሐን ዘይሰርሐን ማዕረ ኣይኮነን። ኣብ ፈታኒ እዋን፡ ንድሕነት ሃገርን ህዝቢን ሓለዋ ዝቖመ፡ ኩሉ ዕድላቱ ሰዊኡ ንሃገር ሓለፋ ዝሰርሐ ዜጋ ማዕረ'ቲ ልኡም ወራሲ ክርአ ልክዕ ኣይኮነን። ማዕረ ዝሰርሐ መሰሉ ዝረኽበሉ ስርዓት ምውዳድ ናይ መንግስቲን ሕብረተሰብን ሓላፍነት እዩ። ሃገር ንዕኡ ዝምልከት ንጹር ስትራተጂን ፖሊሲን ክህልዋን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ ዘሎ መድረኽ ኲንካ ክትርእዮ ምናልባት እቲ ዓቕሚ ድሩት ስለዝመስል፣ ትግባረኡ ዘይክኣል ይመስል ይኸውን። ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ግን፡ ልዑል ሃገራዊ ዓቕሚ እናተጠርየ ክኸይድ እዩ። ምኽንያቱ ኣብዚ ሃገር'ዚ ዘሎ ዕቑር ጸጋታትን ዕድላትን ቀሊል ኣይኮነን። ዝያዳ ዘበርከተ ጥራይ ዘይኮነ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣጸደ ራህዋ ዜዒመሉ እዋን ርሑቕ ኣይኮነን። ኩሉ ዜጋ ዓይነት ህይወቱ ኣብ ዝበለጸ ደረጃ ክሰጋገር እዩ። የግዳስ፣ ኣብ ዝኾነ ደረጃ ምዕባለን ብልጽግናን ኣብ ኣነባብራ ሕብረተሰብ ተርታ ምንጻር ኣገዳሲ እዩ። እቲ ቅድሚት ዝሰራዕን ዝያዳ ዝረብሕን፡ ኩሉ ሳዕ እቲ ዝያዳ ዘበርከተ ሃገራዊ ክኸውን ግድን እዩ። ሃገራዊ ንቕሓትን ኣርኣያነትን በዚ መገዲ'ዚ ስለዝኹስኩስ።

መጽሔት መንእሰይ



# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ምትካኽ ሽጋራ ኣብ መንእሰያት ቁላሕታ የድልዮ ኣሎ!

ኩነታት ዝተባህለ ኣወላፍን ጎዳእን ቀመም ትሕዝቶ ዘለዎ ትምባኾ፡ ጽልዋኡ ኣብ ከተማን ገጠርን ኣብ መንእሰያትን ዓበይትን ብዝኣዋኑ እናሰፋሕፍሐ ይኸይድ ኣሎ። ተቐባልነቱ ክዛይድን ኣትከኽቱ ክውሰኹን ይረኣዩ ስለዘለዉ፡ ከኣ "ውሕጅ ከይመጸ መገዲ ውሕጅ ጽረግ" ከምዝበሃል፡ ብኣጋኡ ዓጉብ ዘድልዩ ጉዳይ'ዩ። እቲ ዝያዳ ኸኣ ኣሰካፊ ዝገብሮ፡ ኣምዑት ዘይቆጸሩ ናእሽቱ መንእሰያት ይስዕብዎ ምህላዎ'ዩ። "ተራ ስድራቤት ኣብ ምዕጋት ወልፊ ትምባኾ ንምሕያል እንታይ ክግበር ኣለዎ" ዝብል ድማ ግዜኡ ዝጠልቦ ጉዳይ'ዩ።

ዘይሸገሩሉን ግዜ ንርኩብ ምህላውና'ዩ። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ብመንጽር ናይዚ ዝተጠቕሰ ንባህርን ልምድን ሕብረተሰብ ክብክሉ ዝኽእሉ ጸለውቲን ኣነወርቲን ልምድታት ተሰሪዖም ኣለዉ። ኣብዚ እቲ መንእሰይ እንታይ ከም ዝመርጽን በየናይ መገዲ ከም ዝጉዓዝን ኣብ ምውሳኑ፡ ተራ ስድራቤትን ሕብረተሰብን ወሳኒ ይኸውን ማለት'ዩ።

ንምኳኑ፡ ንሕና ከም ወለዲ ኣብዚ ንጥዕና ኣገዳሲ ጉዳኢ ዝኸውን ወልፊ'ዚ ዘለና ትዕዝብቲ እንታይ'ዩ? ናህሪ



ብቐጻሊ'ውን እዚ ንሰታይሉ ይኹን ንሓላፊ መገዲ ዘይተብህግን ተጻላእን ጨና ዘለዎ ትምባኾ፡ ከመይ ኢሉ'ዩ ኣብ መንእሰያትን ዓበይቲን ክስዕርር ዕድል ረኺቡ ዘሎ? ዝብል ሕቶ ክለዓል ግድን'ዩ። እዚ ወልፊ'ዚ በዚ ዘለዎ ናህሪ እንተቐጺሉ፡ ኣብ ብዙሓት ኣባላት ስድራቤት ሃሰያ ከውርድ ምኳኑ'ውን ኣየጠራጥርን። ስለዚ፡ ቅድሚ ዝኣገረ እቶም ድሮ ኣብዚ ወልፊ'ዚ ዝኣተዉ መንእሰያት ይኹኑ ዓበይቲ ከቋርጽዎ፡ ንትሕቲ ዕድመ ደቅና ድማ ሰዓብቲ ናይዞም በዚ ወልፊ'ዚ ዝተታሕዙ ከይኮኑ ኩልና ስድራቤታት ብሓደ ቃል "ኢይፋል ንወልፊ ትምባኾ" ዝብል ጭርሖ ከልዕል እዋን ዝጠልቦ ይገብሮ። ከምኡ'ውን ካብ ገዛና ጀሚርና ንጹህ ኣከባቢ ብምፍጣር ድሕንነት ስድራቤትና ንምዕቃብ ጻዕርታትና ከሐይል ዘሎ ከድልየና'ዩ።

እዚ ጎዳኢ ቀመም ትሕዝቶ ዘለዎ ትምባኾ፡ ኣብ ክንዲ ቁርሲ ወይ ምሳሕ ኩብድኻ መሊኡ ዕጽፍ ዝርግሐ እናበልካ ክትከይድ ዝሕግዝ ሓይሊ ክህብ ዝኽእል እንተዝኸውን እኳ ኣይምተጸልኣን። ብኣንጻሩ ሳምቡእካ ኣሕሪሩ፡ ገጽካ ኣማሲኑ፡ ንሓሙሽተ ደቒቕ'ውን እንተኾነ ዘብዘብ ክትብል ከም ዘይትኽእል ገይሩ መሓውርካ ዝኣስር'ዩ። ኣብ መወዳእታኡ ናብ ሞት ዘብጽሕ ባህሪ ዘማዕብል ምኳኑ ሰብ ሞያ ጥዕና ብዝኣዋኑ ክገልጽዎ ጸኒሖም'ዮም። ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ከም ስድራቤት ክንተኩረሉ ዘለና ጉዳይ እንተሃልዩ፡ ደቅና ካብ ትካላት ትምህርቲ ወጻኢ፡ ኣካዳምያዊ ዓቕሞም ዘበርኽሉን ሞያ ዘማዕብልሉን ካልእ ስነ-ፍልጠታዊ ምህዞታት ንምርካብ

ኣትከኽቱ ንምምዋት ካብ ገዛና ተበጊስና ኣብ ከባቢና፡ ከምኡ'ውን ኣብ መዛናግዒ ቦታታት ኣብ እንጉብሮ ምንቅስቓስ ምስ እንዕዙብ፡ ምትካኽ ሽጋራ ብሓያል ናህሪ እናሰፋሕፍሐ ይኸይድ ከም ዘሎ ንምርድኡ ዘጸግም ኣይኮነን። እቲ ዘገርም ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ዘስዕቦ ጥዕናዊ ጉድኣት፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ዋጋ ሓደ ሽጋራ ልዕሊ ዋጋ ሓደ ባኒ ምብጽሑ'ዩ። ስለዚ፡ ጥዕናኻን ገንዘብካን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ እናኣእተኻ ምጉዓዝ ግን ኣበይ'ዩ ከብጽሓና? ኩልና ክንምልሶ ዘለና ሕቶ'ዩ። ሰብ ሞያ ጥዕና ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ብምትኳር ብዝኣዋኑ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ቀሪቦም ምትካኽ ሽጋራን ሳዕቤናቱን ምስ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማም ብምዝማድ ሰፊሕ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ንህዝቢ ክህቡ ጸኒሖም ኣለዉ። ከም ውጽኢቱ ድማ ናህሪ ኣትከኽቲ ክንድል ኢኻ ትጸበት ትገብር። እንተኾነ ኣብ ባይታስ ከምኡ የለን። ስለዚ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብሰብ ሞያ ጥዕና ብዝኣዋኑ ዝወሃብ ምኽሪ፡ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ናይቲ ሕብረተሰብ

ዓንብ ክብልን ከባቢኡ ካብዚ መርዛም ትኪ ከውሕሰን ግቡእን ኣማራጺ ዘይርከቦን ይኸውን።

ወልፊ ምትካኽ ሽጋራ፡ ኣብ ግዜ ንእስነትካ ማለት፡ ሕማቓትን ጽቡቓትን ናይ ምልላይ ዓቕሚ ኣብ ዘየማዕበልካሉ፡ ካብ ስድራቤትካን ጎረባብትኻን እናተሓብኣካ ዝበጋገስ ወልፊ'ምበር፡ ንእስነት ወዲእካ ምስ ዓበኻን እርጋን ምስ ተቐላቐልካን ዝጅምር ወልፊ ከም ዘይኮነ ኩልና እንሰማማዓሉ'ዩ። ስለዚ፡ ኣብ ግዜ ንእስነትካ ካብ ጎዳኢ ወልፍታት ናጻ ኩይንካ ክትዓቢ፡ ኢድካ ሒዙ በቲ ቅኑዕ መኣዝን ክትጉዓዝ ደገፍ ዝገብረልካ ሰብ እንተዘይረኺብካ ካብ ትምህርትን ሞያን ርሒቕካ ግዙእ ናይ ዝተፈላለዩ ወልፍታት ክትከውን ቀሊል'ዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ብቐጥታ ካብቲ ሱ- ምግባር ናይቲ ስድራቤትን ሕብረተሰብን እናወጻእካ ካልኦት ልምድታት እናኣማዕበልካ ትኸይድ'ሞ ጉዳይ ናይቲ "ምስ መዕበዪኻ ጥፋእ" ዝብል መርገም ትኸውን። ከም መንእሰይን በዓል ሕማቕ ልምድን ድማ ኣብ ስድራኻን መቕርብኻን ዝበረኻ ተቐባልነት ስለዘኽንድለካ ርእሰ ምትሓትን ተሃጺሎን ክስምዓካ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል'ዩ።

ንምኳኑ ሓደ መንእሰይ ልምዲ ምትካኽ ሽጋራ ከማዕብል ዘደፋፍእዎ ነገራት እንታይ ክኾኑ ይኽእሉ? ንዝብል ሕቶ፡ ዋላ'ኳ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ኣኻልጻ ኣይኹኑ፡ ዝበዝሐ መንእሰይ ምትካኽ ሽጋራ ንኽጅምር ብቐረባ ክጸልውዎ ካብ ዝኽእሉ ቀንዲ ረቛሒታት ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክጠቓለሉ ዝኽእሉ'ዮም።

- ካብ ስድራቤት፡ ኣቦ ወይ ዓቢ ሓው ግዙእ ናይ'ዚ ወልፊ'ዚ ምስ ዝህሉ፡ ብቐረባ ጽልዋ ክሓድሮ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ምኳኑ፡
- ኣብቲ ዝነብረሉ ከባቢ ዘለዉ መተዓብይትን መማህርትን በዚ ወልፊ'ዚ ዝተለኸፉ ምስ ዝህልዉ፡ ካብ ተሃጺሎ ክድሕን ዝገብሮ ፈተነ ናብ ወልፊ ክእትዎ ዝኽእል ምኳኑ፡
- ኣዝዮም ህቡባት ወይ ዝተፈላለዩ ድንቂ ሞያ ዘለዎም ደረፍቲን ሳዕሳዕትን ተዋሳእትን ኩይኖም ንወልፊ ሽጋራ ከም መዳምቕቲ ዝጥቀሙሉ ምስ ዝኸሉ፡ እቲ መንእሰይ ናቶም ቅዲ ክሕዝ ዝጉብሮ ጻዕሪ ምስ ዝህሉ።
- ኣብ ግዜ ንእሽቶትካ ብዝተፈላለዩ



መገዲ ኣብ መሸጣ ንግድ ከም ሽጋራን ማስቲካን ምስታፍ'ውን ናቱ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል።
- ኣብ ንኡስ ዕድመኻ ምስ ኣዝዮም ተሰፉ ዝቖረጹን ካብ ስራሕን ትምህርቲን ወጺኦም ኑብሶም ብምውዳቕ ንዝኾነ ወልፊ ናብ ምምዕባል ጠባያት ዘማዕበሉን ሰባት ብእትገብሮ ዕርክነት ከም ጠንቂ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ልዑል ምኳኑ፡
- ከም መንእሰይ መጠን ዝኾነ ነገር ናይ ምፍታን ወይ ምጥዓም ድልየት ምስ እተማዕብልን ብቐረባ ክኣልየካ ዝኽእል ሰብ ምስ ዘይትረኽብን፡
- ብዝኣዋኑ ንዚጋጥሙኻ ጸቕጢ ንምጉዳል ምትካኽ ሽጋራ ከም ኣማራጺ ምስ ትወስዶ።
- ገለ መንእሰያት ድማ ከም መፈስሒ (fashion) ኢሎም ክኣትውዎ ዝኽእሉ ምኳኖም፣ ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

### ንምግታኡ ደኣ እንታይ ይገበር?

ትጸቢት ህዝብን መንግስትን፡ መንእሰያት ብስነ-ምግባር ናይቲ ሕብረተሰብ እናተኸሰኩሱ ካብ ኩሉ ሕማቕ ልምድታት ርሒቖም ኣካዳሚያውን ሞያውን ዓቕሚ ኣዕሚቖም ኣብ ህንጻት ሃገርም መሪሕ ተራ ክጻወቱ'ዩ። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ንምብጻሖም ድማ ተራ ወለዲ ቀዳማይ ቦታ ዝሕዝ'ኳ እንተኾነ፡ ብዘይ ምትሕብባር ትካላት ኣብያተ ትምህርቲ፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ክኢላታት ጥዕናን መራኸቢ ብዙሓንን... ብቑዕ መንእሰይ ምፍራይ ስለዘይከኣል፡ ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ዝሓትት'ዩ።

### ተራ ኣትካኺ

- ቅድም ቀዳድም፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣትካኺ ኣቦ ይኹን ሓው፡ ኣብ'ዚ ተሳዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ እንታይ ርእይቶ ኣለዎ? እንተደኣ ኢልና፡ ካብ ዘለዎ ናይ ነዊሕ ዓመታት ልምዲ ምትካኽ ሽጋራ ምርካብ ብምግባር፡ ኣብ ጥዕናኡን ገንዘቡን ዘወረደ ሃሰያ ንኣባላት እታ ስድራ- ቤትን ካልኦትን ምኽሪ ክህብ ትጸቢት ይግበረሉ።
- ኣቦ ይኹን ሓው ሳዕቤን ናይ ምትካኽ ወልፊ ብምርዳእ ከቋርጾ ኣብ ዝኩብረሉ ከባቢ ይኹን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ከም ጽቡቕ ኣብነት (Model) ኮይኑ ክረኣ፡ ከምኡ'ውን ዘይተበከለ ኣከባቢ ክፈጥር ጻዕርታት ክሕይድ ሓላፍነት ኣለዎ።
- ኣትከኽቲ-ወለዲ ይኹኑ ኣሕዋት - ንደቆም ወይ ነሕዋቶም ሽጋራ ክገዝኡሎም፡ ክርቢት ከቕብሉዎም ጥራይ ዘይኮነ ወሊያም ከምጽኡሎም ዝእዝዙ እንተኾይኖም፡ ዘለዎ ጽልዋ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ንውልቀም ባዕሎም ክግልገሉ ጻዕርታት ክሕይዱ ይግባእ።
- ወለዲ ንድሕነት ስድራቤት ኢሎም ንገዛእ ርእሶም ካብ ምትካኽ ሽጋራ ናጻ ክገብሩ፡ ምስ ዘይክእሉ ድማ ካብ ስድራቤቶምን ካልኦትን ርሒቖምን ተኸዊሎምን ከትክኹ፡ ኑብሶም ክመኽሩ ወዘተ ትጸቢት ይግበር።

### ተራ ኣብያተ ትምህርቲ

- ብዙሓት መንእሰያት ተመሃሮ ንሽጋራ ኣብ ግዜ ንእሰነቶም - ኣብ ማእከላይ ወይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ምስ በጽሑ'ዮም ዝጀምርዎ። እዚ ከኣ ስኣን ምስትውዓል ሳዕቤን ናይቲ ወልፊ ዝመጽእ'ዩ። ስለዚ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ነዚ ተረዲኦን ኣብ ወርቃዊ ሕጋጋት ተመሃሮኣን ምርካብ ብምግባር ኣብ'ዚ ተሳዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ሞያዊ ምኽረን ክልግሳ በቲ ሓደ፡ ካብ መማህራን ጀሚረን ንተመሃሮኣን ኣብነታውያን ኮይነን ክረኣያ ድማ በቲ ካልእ፡ ሓላፍነተን ልዑል እዩ።
- ኣብ መወዳእታ ነዚ ተሳዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ሓጋዚን ዕውትን ክገብሮ ዝኽእል ተወሳኺ ርእይቶ ካብ ኣንበብቲ ክስዕቦ እናተጸበኹ፡ ነቲ ብዝኣዋኑ ብደረጃ ሃገር ሽጋራ ዝትከኸሉን ዘይትከኸሉን ከባቢታት ንምንጻርን ዝግበር ዝነበረ ጻዕሪን ዳግማይ ብምርኣይ፡ ኣብ ስራሕ ዝውዕሉ ባይታ ፈጢርካ ብሰንኪ ምትካኽ ሽጋራ ኣብ ጥዕና ዝወርድ ዘሎ ማህሰይቲ ንምጉዳሉ ኩሉን ኣካላት መንግስትን ሕብረተሰብን ብቐንዱ ድማ ስድራቤትን ኣትከኽቲን ናይ ሓባር ስራሕ ክገብሩ፡ ከምኡ'ውን ጻዕርታትና ክሐይል እጽውዕ።

*ብምትካኽ ሽጋራ ክመጽእ ንዝኽእል ሞት፡ ተጻዋርነትና ዜሮ ይኹን!*



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣሊሰን፡ ንዘቑጸራ ሸቶ ንዝኽሪ ኣቦኡ...



ብሰንበት ምሸት ኣብ ዝተኻየደ መበል 36 ሰሙን ጸወታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ዝዓበየ ፍጻመ ኮይና ዝተሰደ እንተሎ፡ ግዜ ኣብ ምእኻሉ ዝተመዝገበት ሸቶ ሓላዊ ልዳት ሊቨርፑል ኣሊሰን ቤከር ያ። ኣሊሰን ኣብ ልዕሊ ዌስትብሮም ዘቖጸራ ሸቶ ኣብ ወርሒ ለካቲት ዝሞተ ኣቦኡ 'ዝኽሪ' ክትኮና ከም ዝወፈያ ድሕሪ ጸወታ ምግላጹ እዩ።

ሊቨርፑል ሱታፌኣ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ንምውሓስ ኣብ እትጉዩሉ ዘላ ቃልሲ፡ ዘሎ ነጥቢ ምኽሳር፡ 'ፈተነ ኑብስ ቅትለት' ከም ዝኾነ ዝገልጽ ዘሎ። ኣብዚ ወሳኒ እዋን ናብ ዌስትብሮም ገይሻ ንምዱብ ግዜ 1ብ1 ፈጺማቶ እናተባህለት እንከላ፡ ንውጥረታ ዘፋኾሰት ሸቶ ካብ ሓላዊ ልዳታ ኣሊሰን ምርካብ ድማ እዩ እቲ ዝዓበየ ኣርእስቲ።

ብራዚላዊ ኣሊሰን ሎሚ ዓመት ብዙሓት ጌጋታት ብምፍጻም ንጋንታኡ ግዳይ ከም ዝገበረ ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ፕሪመር ሊግ ይገልጽ። ብሰንኪ ናቱ ጉድለት ሽዉዓተ ኾዕሶ ናብ ሸቶ ከም ዝተቖጸራ ዝሓብር እቲ ጸብጻብ፡ በዚ ናይ ሰንበት ምሸት ሸቶኡ ግና ብማጠቱ ንጌጋታቱ ደቢሳትሉ እያ።

ኣብ መበል 95 ደቒቕ ሸቶ ብምቑጻር ንሓንቲ ካብተን ተዘርቲ ፍጻመታት ኩዕሶ እግሪ ዝሰደ ኣሊሰን፡ ድሕሪ ጸወታ ኣብ ዝሃቦ ቃለ መሕትት፡ እናነብዐ'ዩ ነዛ ሸቶ ንኣቦኡ ከም ዝወፈያ ዝገለጸ። ኣቦ እዚ ሓላዊ ልዳት ኣብ መበል 57 ዓመት ኣብ ቀላይ ክሕምብስ ከሎ ዝሞተ ኣብ እዋኑ ተሓቢሩ ነይሩ።

ብሰንኪ ሕግታት ጉዕዞ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ቀብሪ ኣቡኡ ዘይተሳተፈ ኣሊሰን "ኣብዛ ጸወታ ኣቦይ ክህሉ ነይርዎ፡ ብጣዕሚ ምስ ተሓጎሰ። ርግጸኛ'የ ኣብ ኂ ፈጣሪ ኮይኑ ይጽንበላ ክህሉ" ክብል ዝገልጸ።

ኣሊሶን ኣብ ታሪኽ እዛ ናይ 129 ዓመታት ዕድመ ዘለዋ 'ብቑያሕቲ' ዝብል ቅጽል ስም ትጽዋዕ ጋንታ እቲ እንኮ ሓላዊ ልዳት ሸቶ ዘቑጸረ ክበሃል በቒዑ ኣሎ። ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ድማ መበል ሻዱሻይ ሓላዊ ማዕጾ ኢዩ። ክብሪ ዝተጓናጸፈ ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ዝርዝር ካብቲ መዓልቲ ጀሚሩ ስሙ ሰፊሩ ደርኩቡ።

ናይ ዝሓለፈ ክብራ ንምዕቃብ ዓቕሚ ዝሓጸራ ሊቨርፑል፡ ካብ ዓቢ ኤውሮጳዊ ውድድር እግራ ከይተሕጽር'ውን ኣሲጋኢት ምኳና ብቐጻሊ ክትንተን ቀንጁ'ዩ። እንተኾነ በዛ ናይ ኣሊሶን ሸቶ ትንፋስ ሶኺዓ ካብ ቸልሲ ብሓንቲ ካብ ሌስተር ሰቲ ድማ ብሰለስተ ነጥቢ ድሒራ ኣብ ሓሙሻይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ።

ሎሚ ምሸት ኣብ ሞንጎ'ተን ቅድሚኣ ዘለዋ ጋንታታት፡ ቸልሲ ኣንጻር ሌስተር ሰቲ ዝግበር ግጥም እንተውሓደ ናይ ማዕረ ወጽኢት ክርብሓ ከም ዝኽእል ፈሊጣ ብሃንቀውታ ትጽበዮ፡ ጨራ መጻኢኣ ዘርኢያ ጸወታ ኣለዋ። ሊቨርፑል ረቡዕ ምሸት ናይ በርንሊ ገይሻ ክትጻወት መደብ ተታሒዙ'ላ ኣሎ።

## ባርሳ፣ ንቸልሲ ረቲዓ ዋንጫ ሻምፒዮንስ ሊግ ዓቲራ

እስጳኛዊት ጋንታ ደቂ ኣንስትዮ ባርሰሎና፡ ንመዘንኣ እንግሊዛዊት ጋንታ ቸልሲ ብገፊሕ 4ብ0 ድሂካ ኑብለል ኤውሮጳ ዓመት ስፖርት 2020-21 ኮይና።

ኣብ ውሽጢ 33 ካልኢት ተጻወቲት ቸልሲ ሉፖልዝ ብጌጋ ናብ ገዛእ ሰኪዔት ጋንታኣ ሸቶ ብምቑጻር ዝኸፈተቶ ጸወታ፡ ኣብ ውሽጢ 36 ደቒቕ ናብ 4ብ0 ዓሪጉ። ፑተላስ ኣብ መበል 14 ደቒቕ፡ ቦንማቲ ኣብ መበል 20 ከምኡ'ውን ሃንሰን ኣብ መበል 36 ደቒቕ ሸቶታት ብምምዝጋብ ናይታ እንግሊዛዊት ጋንታ ናይ ዓወት መንፈሳ ቀቲለን ጸወታ ብኢጋኡ መኺተምታ ገበራሉ።

ለንደናዊት ክለብ ቸልሲ፡ ድሕሪ 14 ዓመት እያ ናብዚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ክትበጽሕ ዝኸኣለት እንኮ እንግሊዛዊት ጋንታ እያ። ኣርሰናል፡ ኣብ ዓመተ 2007 ናይዚ ናይ ፍጻመ ውድድር በጺሓ ነዛ ዋንጫ ክትዕወተላ ዝበቕዐት እንኮ እንግሊዛዊት ክለብ ብምኻን ጸብለል ክትብል ዝኸኣለት። ኣብ'ዚ ናይ መውዳእታ ናይ ዓወት መሳልል ተመጣጢራ ንመዘኑኣ ጋንታታት እናሰከፈት ዝበጽሐት ቸልሲ ግን፡ ታሪኽ ጓል ከተማኣ ክለብ ከይትደግሞ ብባርሳ ተገቲኣ።

ንዋንጫ ፕሪመር ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ እንግሊዝ ንማን ሰቲ በሊጻ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ዓመታ ዋንኣታ ዝገበረት ቸልሲ፡ በዛ ዋንጫ ኣቢላ ስሉሳዊ ዓወት ክተመዝግብ ተተስፊያ ከም ዝነበረት ኣሰልጣኒ'ታ ጋንታ ገሊጻ። ቸልሲ ኣቐዲማ ንፕሪመር ሊግን ኤፍኤ ካፕ ኣብ ኩብሐ ዋንጫኣ ሰቒላተን'ያ።




ዕውትቲ ናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮንስ ሊግ ባርሰሎና፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ናብዚ ደረጃ በጺሓ ክነሳ ነዛ ዓብይ ኤውሮጳዊት ዋንጫ ክትዕውተላ ኣይከኣለትን። በታ ዓብላሊትን ንሓሙሽተ ዓመታት ብተኸታታሊ ብድምር ድማ ንሸውዓተ ዓመታት ዝተዓወተትላ ፈረንሳዊት ጋንታ ሊዮን ተሳዒራ ተሸላሚት ብሩር መዳሊያ ኮይና ነይራ።

እንተኾነ ሎሚ ዓመት ነታ ንፋልማይ ግዜኣ ናብ ፍጻመ ዝበጽሐት ቸልሲ ብተመኩሮ በሊጻ ቦኽሪ ዋንጫ ናብ ከተማ ባርሰሎና ኣምርሒታ ትርከብ። በዚ ናይ ደቂ-ኣንስቲዮ ዓወት ባርሰሎና እታ ቐዳመይቲ ክለብ ንዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ብኽልቲኡ ጾታ ዝዓተረታ ክትከውን በቒዓ'ላ። ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ክለብ ባርሰሎና ንሓሙሽተ ግዜ ንሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ከም ዝተዓወተትላ ይፍለጥ።

ናብ ፍጻመ ጸወታ እዚ ዝዓበየ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ምኻኑ ዝግለጽ ውድድር ብደቂ-ተባዕቲዮ'ውን ቸልሲ ዝመጽእ 29 ግንቦት ኣንጻር ማን ሲቲ ጸወታ ይጽበያ ኣሎ።

## ማዕከናት ዜና ስፖርት እንታይ ይብላ ኣለዋ?

❖ ኣሰልጣኒ ባርሰሎና ሮናልዶ ኮማን 'ማሲ እንተደኣ ካብ ጋንታኡ ወጺኡ ሓላፍነት ሸቶ ምምዝጋብ መን ከምዝቕጽሎ ኣሸጋሪ.' ምኻኑ ገሊጹ። ሰንበት ምሸት ኣብ ሜዳኣ ብሴልታ ቪጎ ድሕር ምስዓራ ካብ ውድድር ንዋንጫ ላ'ሊጋ ምሉእ ብምሉእ ዝወጸት ባርሳ፡ ብዜና ማሲ ንዓመታት ኣብ ነውጺ ከምትርከብ እያም፡ ናይ ቀረባ ምንጪታት ዝገልጹ። ኽዚ ዝረኣየ ኮማን ድማ፡ ብዘይ ማሲ ምጽዋት ከም ዝኸብደን እዚ ተጻዋታይ ኣብታ ጋንታ ክቕጽል ብዙሱሉ ከምዝጸበየን ዝገለጸ። ዝሓለፈ ዓመት ካብዛ ጋንታ ኣብ ምዝዛም'ዛ ወቕቲ ክፋና ዝተሰማምዐ ማሲ፡ ናበይ ክብል'ዩ ዝብል ዜና ንኩዕሶ እግሪ ዓብለልዎ ደርኩቡ።

❖ ብማሰረት መርበብ ሓበሬታ ኣትሌቲክ ዝጠቕሰቶ፡ እንግሊዛውያን ክለባት ማንቸስተር ዩናይትድ ኤቨርተንን ኣብ ልዕሊ ኪራን ትሪፐር ተገዳስነት የሕዳረን ኣለዋ። እዚ ናይ ጸጋም ተኸላኻሊ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝኾነ እንግሊዛዊ፡ ደጊሙ ናብ ፕሪመር ሊግ ዝምለሰሉ ኣጣጋሚ ተፈጢርሉ ከምዘሎ እዩ ይሕበር። ኣቐዲሙ ብጣልያ ቶተንሃም ኣብዚ ተፈታዊ ሊግ ዝተጻወተ ትሪፐር፡ ናብ ሃገሩ ተመልሱ ክጻወት ከምዝደሊ ኣተንቢሁ ነይሩ እዩ። ብፍላይ ዩናይትድ ተገዳስነት ኣሕዲራትሉ ከም ዘላ ምስ ፈለጠ ክትብል እዛ ምንጪ ትወሰኽ።

❖ ትማሊ ኣማስያኡ ዝወጸ ዜና፡ ሌዋንዶውስኪ ሕልሙ ብጣልያ ሪያል ማድሪድ ምጽዋት ምኻኑ ወኪሉ ኩቻርስኪ ሓቢሩ። ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ካብ ዶርትመንድ ናብ ባየር ሙኒክ ዝተጸንበረ ሌዋንዶውስኪ ካብዛ ጋንታ ክወጽእ ምኻኑ እዩ ዝገለጸ። ብዝርኣዮ ሱሓቢ ብቐዳት ሓደ ካብ ዝበለጹ ኣጥቃዕቲ ኤውሮጳ ክበሃል ዝበቕዐ ሌዋንዶውስኪ ብርቱዕ ሃዳኒ ሸቶ ብምዃኑ ልቢ ብዙሓት ክለባት ክስሕብ ኣኽኢልዎ'ዩ። እንተኾነ ናቱ ሕልሚ ምስ ሪያል ማድሪድ ምጽዋት ምኻኑ'ዩ ወኪሉ ኣብ መጻኢኡ ኣንፈት ዝሃበ ዘረባ ወሰ ዘሎ። ሌዋንዶውስኪ ሎሚ ዓመት ኣብ ዝተሰለፈለን 28 ጸወታታት ቡንደስሊጋ 40 ሸቶታት ከመዝገብ ከምዝኸኣለ ሰኑዓት ቡንደስሊጋ ይሕብሩ። በዚ ድማ ብጀርድ ሙለር ዝተታሕዘ ዝበረ ኣብ 34 ጸወታታት 40 ሸቶታት ዝበል ክብረወሰን እቲ ሊግ፡ ብስሙ ድሕሪ 49 ዓመታት ክቕይሮ በቒዑ ኣሎ።

❖ ውድድር መኸተ ገስጢ ህቡባት ተጓሰጥቲ ታደሰን ፋሪን ኣንቶኒያ ጃሺዋን 14 ኑሓሰ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ክኻየድ ምኻኑ ተገሊጹ። በዚ ድማ ግጥም እዞም ክልተ እንግሊዛውያን ዓርሞሸሽ ተጓሰጥቲ ናይዚ ዕቑድ ዝዓበየ ናይ ከበድ ሚዛን ውድድር ክኸውን ከምዝኽእል ብዙሓት ፈላጣት እዚ ውድድር ይገልጹ ኣለው።

## "ናይ ጸወታ ዘመን ካብ ሲቲ..." ማህረዝ

ሓደ ካብቶም፡ ዕላማታት ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ - ፐፕ ጓርዲዮላ ንምውቃዕ ቐንዲ ተጻዋታይ ኮይኑ ከም ዘሎ ዝግለጽ ሪያድ ማህረዝ፡ ናይ ጸወታ ዘመኑ ኣብ ማንሲቲ ክዛዝም ከም ዝደሊ ገሊጹ።

ማህረዝ፡ ኣብ 2014 ካብ ፈረንሳዊት ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ክለብ ለሃቭረ ናብ ሌስተር ሲቲ ድሕሪ ምጽንባሩ ዕቑር ብቕዓቱ ከንጸባርቕ ግዜ ከም ዘወሰደ'ዩ ዝትንተት። ኣብቲ ተኣምራዊ ጉዕዞ ሌስተር ሲቲ ንዋንጫ ፕሪመር ሊግ መሪሕ ተራ ዝበሮ እዚ ኣልጀርያዊ ተጻዋታይ፡ ኣብ 2018፡ ብ60 ሚልዮን ዩሮ ናብ ማን ሲቲ ከም ዝተጸምበረ ኣይርሳዕን።

ኣብዛ እዋን ኣብ ሲቲ ብዘወሃቦ ዘሎ ዕድላት ሕጉስ ከም ዘሎ ዝገልጽ ማህረዝ፡ በዚ ተተባቢዑ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብዛ ማንቸስተራዊት ክለብ ክዛዝም ድልየቱ ዝተዛረበ። ንሱ "ኣብ ሲቲ ኣዝየ ሕጉስ ኣለኹ። ካብዛ ጋንታ ክወጽእ ዝኾነ ይኹን ባህጊ የብለይን" ክብል ንርምሲ ዝተባህለት መርበብ ሓበሬታ ቃሉ ሂቡ። "ኣብ መጻኢ እንታይ ከም ዘጋጥም ኣይፈልጥን እየ። እንተኾነ ኣብ ሲቲ ጽቡቕ ኣለኹ፡ ኣብዚ ድማ'የ ክህሉ ዝደሊ" ክብል ወሲኹ።

ምስ ሲቲ መበል ሳልሰይቲ ናይ ፕሪመር ሊግ ዋንጫ ክዓትር ዝበቕዐ ማህረዝ ካብቲ ሰለስተ እታ ዝመቀረት ዓወት ኣየነይቲ'ያ ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ነታ ቀዳመይቲ ዋንጫ ናይ ሌስተር ዓወት'ዩ ኣቐዲሙ። "ናይ ሌስተር ዓወት፡ ምኽንያቱ ኣብ ትጽቢት ዘኾነ ሱብ ስለ ዝነበረት። ኣይክርስዓን እየ። እዚ ክብል ከለኹ ግና ናይ ሲቲ ቃልሲ ንዋንጫ እዚ ሊግ ቀሊል ከምዝይነበረ ኣብ ግምት ኣእትየ እየ" ክብል ገሊጹ።

ማህረዝ ሎሚ ዓመት ኣብ ወሰንቲ ጸወታታት ጋንታኡ ሸቶ ብምቑጻር ሕመረት እታ ጋንታ ክኸውንን ንዓላሚኡ ከምስጥን ከኢሉ'ዩ። ክሳብ ሕጂ ትሸዓተ ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣርባዕተ ከኣ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንጋንታኡ ሸቶ ከመዝግበላ በቒዑ ኣሎ።



እዚ ወዲ 30 ዓመት ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ሎሚ ዓመት ኣብ ክንዲ ኣብ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ንናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ከምዝቕድም ይሕብር። ንኣንጻር ተጻዋታይ ዓጺፉ ብዘቖልዖን ናይ 'ባናና ቕርጺ' ዘለወን ኩዕሶሱ ኣዚዩ ፍሉጥ ዝኾነ ማህረዝ ኣብ ዓመተ 2016 ብሉጽ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ተባሂሉ ርእሲ ኩሎም ተጻዋትቲ'ቲ ሊግ ጸብለል ኢሉ ከም ዝበረ ናይ ቀረባ ተዘክሮ እዩ።

### መደብ ጸወታ

**ፕሪመር ሊግ**

ማን ዩናይትድ - ፉልሃም 8:00 ምሸት
ሳውዝሃምፕተን - ሊድስ ዩናይትድ 8:00 ምሸት
ብራይቶን - ማን ሲቲ 9:00 ምሸት
ቸልሲ - ሌስተር ሲቲ 10:15 ምሸት

**ሰረ'ኣ**

ላዚዮ - ቶሪኖ 9:30 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ቓዛ - ቑጽሪ ምዉታት 200 በጺሑ

ሰራዊት እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ዝጀመሮ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ብዙሓት ሜላታት ኣብ ዝቐጸሉ ዘሎ እዋን ናይ ዝሞቱ ሰባት ቑጽሪ 200 ምብጽሑ ተሓቢሩ።

ከተማ ቓዛ ዝሓለፈ ሰንበት ብሮኬት ኩናትን ሚሳይላትን እስራኤል ብጽዑቕ ክምእተደብደበት ዝሓለፉ ምንጭታት'ታ ከተማ ኣቢታ ሰለት ጥራይ ቁልዓ - ሰበይቲ ዝርከብዎም 42 ሰባት ህይወቶም ከምዝሰኣኑ ገሊጾም። በዚ ድማ እቲ ግጭት ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከተማ እየሩሳሌም ካብ ዝወላዕ ኣትሒዙ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ጥራይ ልዕሊ 90 ቆልዑን ደቀንስትዮን ዝርከብዎም 192 ሰባት ክምዝተቐትሉ ጸብጻባት ጥዕና ኣፍሊጦም።



ኣብቲ ግጭት፡ ሓማስ ናብ እስራኤል ብኣማኢት ዝቆጸሩ ሮኬታት ክምዝተኮሰን እንተኾነ ዝበዝሕ ሮኬታት ዕላማኡ ከይወቐዐ ብስርዓተ ምክልኻል እስራኤል ከምዝበርዓን እዩ ዝገልጽ። ይኹን እምበር ገለ ካብቲ ሮኬታት ኣብ መሬት ጉድኣት ከምዘውረደን ብሰንኩ ክልተ ቆልዑ ዝርከብዎም 10 እስራኤላውያን ክምዝተቐትሉን እስራኤል ትሕብር።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝዕስክር ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ ተረር መጥቃዕቲ ክውሰድ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ከምዝሎን ደብዳብ ኣየር ኣብ ልዕሊ ቓዛ ክምዝቐጽልን ኣፍሊጡ ኣሎ።

ሰበስልጣን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣመራርሓ ክልቲኦምን እቲ ኽልኣይ ሰሙን ኣቝጺሩ ዘሎ ግጭት ደው ክብል፡ ብወገን እስራኤልን ሓማስን ተኹሲ ናይ ምቁራጽ ስምምዕ ክግበር እኳ እንተጸወዑ ሰሚዒ እዚ ኣይረኸቡን።

እስራኤል ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ቓዛ ንዝርከብ በዓል 12 ደርቢ ህንጻ ኣብዩተ ጽሕፈት ማዕከን ዜና ኣልጀዚራን ኣሶሺየትድ ፕረስን ብሚሳይል ከምዝሃወት ይፍለጥ።

ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብጉዳይ ግጭት ማእከላይ ምብራቕ ጥመር መግለጺ ንምውጻእ ብሰንበት ዘየዶ ኣኼባ ብዛዕባ ስምምዕ ክምእተበጽሐን ጠንቂ ናይዚ ድማ ኣመሪካ ምዃና ቻይና ትገልጽ።

ብኻልእ ወገን እስራኤል ኣብ ልዕሊ ቓዛ ትማሊ ሰኑይ ብዘየደቶ ደብዳብ ኣየር፡ ወተሃደራዊ ኣዛዚ እስላማዊ ጂሃድ ኣብ ሰሜናዊ ቓዛ ሑሳም ኣቡ ሃርበድ ክምእተቐትለ ተሓቢሩ። ሰራዊት እስራኤል ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እቲ ፍልስጤማዊ ዕጡቕ ንኣስታት 15 ዓመት ኣዛዚ ናይ ሓደ ክንፊ እስላማዊ ጂሃድ ኮይኑ ከምዝሰርሐን ኣንጻር እስራኤል መጥቃዕቲ እናኣወሃሃደ ከምእተቐትለን ገሊጹ።

## ቱኒዝያ - ሓሙሽተ ዕጡቓት ተቐቲሎም

ሓይልታት ጸጥታ ቱኒዝያ፡ ትማሊ ሰኑይ ንግሆ ኣብ ከባቢ ዶብ ኣልጀርያ ሓሙሽተ ጥርጡራት ዕጡቓት ከምዝቐተሉ ተሓቢሩ።

ሮይተርስ ንሰብመዚ ጸጥታ'ታ ሃገር ብምጥቃስ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ሓይልታት ጸጥታ ቱኒዝያ ነቶም ኣሸበርቲ ዝበሉዎም ዕጡቓት ንምድምሳስ ዘካይዱዎ ዘለዉ ስርሒታት ገና ይቕጽል ከምዘሎ ገሊጹ።

ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመት፡ ምስ ዳዕሽ ምትእስሳር ዘለዎም እስላማውያን ዕጡቓት ኣብ ወደባዊት ከተማ ሳውዛ 39 ወጻእተኛታት በጽሒቲ ድሕሪ ምቕታሎም፡ ኣብታ ሃገር ኣትየም ዝበጽሑ ኣሽሓት በጻሕቲ ብቕልጡፍ ናብ ዓዶም ከምዝተመልሱን እቲ ፍጻመ ኣብ ቁጠባ ቱኒዝያ ከቢድ ማህሰይቲ ከምዝኸተለን ጸብጻባት የመልክቱ።

ካብ ሽዑ ንድሓር፡ ቱኒዝያ መጥቃዕቲ ግብረሽበራውያን ሓይልታት ንምክልኻልን ንምፍሻልን ሓያለ ስጉምቲታት'ኳ ክትወስድ እንተጸንሐት፡ ኣብ ሶርያ፡ ዒራቕን ሊብያን ምስ ዳዕሽ ተሰሊፎም ዝጸንሑ ብዙሓት ዜጋታታ ዳግማይ እናተወደቡ ብስውር ዘካይዱዎ ዘለዉ ምንቅስቓሳት ግን ገና ዓቢ ስግኣት'ዩ ፈጢሩላ ዘሎ።



ቱኒዝያ፡ ቀንዲ ምንጪ ቁጠብኣ ቱሪዝም ከምዝኾነት ዝንገረላ፡ ካብቲ 10 ሚልዮን ዝኾውን ህዝባ እቲ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ኣብዚ ጽላት'ዚ እናሰርሐ መነባብሮኡ ይመርሕ። እታ ሃገር፡ ኣብ 2019 ጥራይ፡ ኣስታት 9.43 ሚልዮን በጻሕቲ ከተኣንግድ እኽኣ፡ ብጠቕላላ 2.68 ቢልዮን ዶላር እቶት ድማ ካብ ቱሪዝም ረኺባ። እዚ መጠን እቶት'ዚ ድማ፡ 16.1% ካብ ካብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶታ ከምዝሸፈነ ጸብጻብታ የመልክቱ።

## ቀ/ሚ/ኣውስትራልያ፡ ርእሰ ቕትለት ኣብ ወተሃደራት ዝምርምር ኮሚሽን መዚዙ

ኣብ ሰራዊት ኣውስትራልያ ልዑል ማጠን ርእሰቅትለት ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ እዋን፡ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ስኮት ሞሪሶን ንጠንቂ ናይቲ ሽግር ዝምርምር ኮሚሽን ክመዝዝ ከምእተገደደ ሓቢሩ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር እታ ተማሳሪታ ዘላ ኮሚሽን ንጠንቂ ርእሱቕትለት ኣብ ሰራዊት እትምርምርን ኣብ ሰድራቤት ግዳያት ንዘወርድ ጉድኣት እትግምግምን ከምእትኸውን ገሊጹ።




ወተሃደራት ኣውስትራልያ ካብ ኩናት ዒራቕን ኣፍጋኒስታንን ምስተመልሱ ንዘተፈላለየ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ይቃልዑን፡ ኣብቶም ተመላስቲ ብፍላይ ዝለዓለ ቁጽሪ ርእሰቅትለት ከምእተመዝገበ ይፍለጥ።

ብመሰረት ጸብጻብ መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ድሕሪ ኩናት ዒራቕን ኣፍጋኒስታንን ጥራይ 500 ኣባላት ሰራዊት ኣውስትራልያ ነብሶም ቀቲሎም ርእሰቅትለት ፈጺሞም።

እቲ ቁጽሪ ምስቲ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብምጽጻር ኣዝዩ ላዕሊ ብምዃኑ፡ ኣብ ፖለቲከኛታት ናይታ ሃገር ኣዝዩ ዘሻቕል ጉዳይ ኮይኑ ከምዘሎ ይፍለጥ።

## "ነዊሕ ሰዓታት ስራሕ ጠንቂ ሞት ኣሽሓት ሰባት ይኸውን" መጽናዕቲ



ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት ነዊሕ ሰዓታት ስራሕ ብዘይ ዕረፍቲ ምስራሕ ንወቕዒን ሕማማት ልብን ዝቃልዕ ምዃኑ ኣብቲ ዓውዲ መጽናዕቲ ዘካየደ ውድብ ጥዕና ዓለም ሓቢሩ።

ብመሰረት መጽናዕቲ ናይቲ ውድብ፡ ኣብ 2016 ጥራይ ብሰንኪ'ቲ ኩነታት 745 ሽሕ ሰባት ህይወቶም ስኢኖም።

ኣብ ቤት ጽሕፈት ነዊሕ ሰዓታት ናይ ምስራሕ ልምዲ ዘዘውትሩ፡ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኤሽያን ምዕራባዊ ፓስፊክን ዝነብሩ ሰባት ቀንዲ ተጠቃዕቲ ሕማማት ወቕዒን ድኻም ልብን ከምዝኾኑ እቲ መጽናዕቲ ኣፍሊጡ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ምስ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ብሓባር ነቲ መጽናዕቲ ኣቐዲሙ ከምዘካየዶን ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ብሰንኪ ለበዳ ኮቪድ 19 እቲ ማጠን ሞት ካብቲ ዝተጠቕሰ ዝዛይድ ክኸውን ከምዝኽእልን ኣረዲኡ።

ብመሰረት'ቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ ሰሙን ካብ 55 ሰዓታት ንላዕሊ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምስራሕ፡ ንወቕዒ ብ35 ሚእታዊት፡ ንሕማም ልቢ ድማ ብ17 ሚእታዊት የቃልዕ። ኣብቲ መጽናዕቲ፡ እቶም ኣብ ቤት ጽሕፈት ነዊሕ ሰዓታት ናይ ምስራሕ ልምዲ ዘለዎም ሰባት ዋላ'ውን ብጥዑይ ምስተፋነው፡ በቲ ዝተጠቕሰ ሕማማት ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኦም ዝዛየደ ምዃኑ ተመልኪቱ ኣሎ።

እቲ መጽናዕቲ ኣብዚ ንሓልፎ ዘለና እዋን ለበዳ ኮሮና ዝሸፍን ከምዝገልጽን ኣብዚ እዋን'ዚ ብሰንኪ ኢጋጢሙ ዘሎ ዝሕታለ ዕበየት ቁጠባን ካልእን ሰባት ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት ዘጸንሕሉ ሰዓታት መለሱ ዛዪዱ ብምህላዉን እቲ ሓደጋ ዝለዓለ ምዃኑን ውድብ ጥዕና ዓለም የጠንቅቕ።

## መስርሕ ፍርዲ ጃኮብ ዙማ ይደናጐ

ናይ መወዳእታ መስርሕ ፍርዲ መራሒ ደቡብ ኣፍሪቃ ነበር ጃኮብ ዙማ፡ ናብ 26 ግንቦት ከምዝተሰጋገረ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ። እዚ ኸኣ እቲ ፕረዚደንት ነበር ናይ ይግባይ ጥርዓኑ ንኸቕርብ እኹል ግዜ ንምሃብ ተባሂሉ ከምዝተሰነ ደያኑ ናይቲ ቤት-ፍርዲ ሓቢሮም።

ጃኮብ ዙማ ኣብቲ ብዮን ክወግኑ ተጸቢት ዝጸበሩ ሰለት ቖጽራ፡ ነቲ



ዝቐረበሉ ክሲታት ብምንጻግ ይግባይ ክሓትት ትጸቢት ኣሎ። እቲ ቤት-ፍርዲ ኣብቲ ትማሊ ሰኑይ ዝወዓሎ መጋባእያ፡ ብዙሓት ደገፍቲ ናይቲ ፕረዚደንት ነበር ኣብ ዙርያ ህንጻ'ቲ ቤት-ፍርዲ ዓሲሎም ከምዝወዓሉ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ዙማ ምስ ብልሽውና ዝተኣሳሰር 16 ክሲታት'ዩ ተመስሪትሉ ዘሎ። ዝበዝሕ ካብቲ ክሲታት ድማ ምስቲ ኣብ መፍረ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ዝጻዓፍ ፈረንሳዊ ኩባንያ ታለስ ዝተኣሳሰር ከምዝኾነ ይሕበር።

ደቡብ ኣፍሪቃ ወተሃደራዊ ዕጥቃ ብዘመናዊ ዕጥቂ ንምትካእ ኣብ መወዳእታ 1990ታት ምስቲ ኩባንያ ናይ ቢልዮናት ዶላር ውዕል ከምዝኣተወት፡ ጃኮብ ዙማ ድማ ካብቲ ኩባንያ ሚልዮናት ዶላር ብዓዕ ከምዝተቐበለ'የም ጸብጻባት'ታ ሃገር ዘመልክቱ።

ኣብቲ ዝመጽእ 26 ግንቦት ዝቕጽል መስርሕ ፍርዲ፡ ብጠቕላላ 217 መሰኻኽር ኣንጻር'ቲ ፕረዚደንት ነበር ቃሎም ክህቡ ትጸቢት ከምዘሎ ቢ.ቢ.ሲ. የመልክት። ጃኮብ ዙማ ካብ 2009 ክሳብ 2018 ንደቡብ ኣፍሪቃ ዝመርሐ ፖለቲከኛ እዩ ኔሩ።

ወትሩ ንኹሉ ድሉዋት!

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 18/05/2021 | ጎደና 173-18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መንልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565